# ኣብ ስራሕ ቦታ ምክብባር

Tigrinia - Respectful Workplace

focus on facts

## ኣብ ስራሕ ቦታ ምክብባር እንታይ እዩ?

ስነ ምክብባር ዝዓዘዘ ስራሕ ቦታ ንኣካላዊን ስነ ኣእምራዊን ማሕበራውን ጥዕና ሰራሕተኛታት ይድግፍ። ኣብ ስነ ምክብባር ዝዓዘዘ ስራሕ ቦታ፣

- ናይ ሰራሕተኛታት ክብሪ ይሕሎ
- ርኽክባቶም ብስነስርዓትን ብወግዕን ይሕለው
- ሰባት ክምቲ ዝትምነይዎ ኣተሓሕዛ ይግበረሎም
- ግርጭታት ብቕንዕናን ስነ ምክብባርዊ ሓልዮትን ይተሓዙ
- ዘይ ስነ ምክብባራዊ ጠባያትን ስነ ኣእምራዊ ጭፍጨፋን ከኣ ስጉምቲ ይውሰደሎም

## ስለምንታይ እዩ ስነ ምክብባር ዘሎዎ ስራሕ ቦታ ዘድልየና?

ዝዓዘዘ ስነ ምክብባር ዘለዎ ናይ ስራሕ ቦታ ንኹሉና ዝግባእ እዩ። መሳርሕትና ምስ ዝብድሉና ወይ ዘሕፍሩና ወይ ዘዋሩዱና ስነ ልቦናናን ጥዕናናን ይጎድኡና። ከምኡ እዉን ናይ ስራሕ ምሕዝነት ይጎድእ ኣፍራይነት ድማ ይትሕት። ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ዘይ ስነ ምክብባራዊ ናይ ስራሕ ቦታ ናብ ጥዕና ዝጎደሎ ናይ ስራሕ ቦታ ይቕየር። ናይ ሰራሕተኛታት ምቅይያር ድማ ይበዝሕ። ጥዕና ዘማልእ ወይ ዝሕልው ናይ ስራሕ ቦታ ምቕራብ ናይ ኣስራሕቲ ሓላፍነት እዩ። ኣስራሒቲ ስነ ምክብባር ዝዓዘዞ ናይ ስራሕ ቦታ ንምህናጽ ካብ ዝኸተልዎ መንገድታት እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፣

## ኣብ ስራሕ ዘይ ምክብባር ሓላፊነት ናይ መን እዩ?

ምክብባር ናይ ነፍሲ ወከፍ ሓላፍነት እዩ።

- ምንጪ
  ንኻልኦት ምብዳል። ንኻልኦት ዝብድል ጠባይ ምስ ዝህልወካ ደው ኣብሎ።
- ዕላማ
  ንዝበደለካ ሰብ ንገሮ። ደው ንኽብል ሕተቶ። ብስነስርዓት መልሽ፣ ካብ ምጥቃን ተቖጠብ። ጠባዩ ምስ ዝቕጽል ወይ ዝገድድ ንዝምልከቶ ኣካል ኣመልክት።
- ተዓዛቢ
  ዘይ ስነ ስርዓት ዘዘውትር ሰብ ምስ ትርኢ ስቕ ኢልካ ኣይትተዓዘብ። እሩም ጠባይ ንኽርኢ ምኸሮ።
- በዓል መዚ
  ተቖጻጸርትን ኣማሓደርትን ስራሕ ቦታ ንዘይ ስነ ምክብባር ጠባይ ብቑልጡፍ ክዓርዩ ይግባእ። ኣብ ምወዳእታ ከኣ ስነ ምክብባር ዝዓዘዞ ናይ ስራሕ ቦታን ኣእምሮኣዊ ጭፍጨፋታት ዘይብሉ ኣካባቢን ናይ ኣስራሕቲ ቤት ዕዮታትን እዩ።

## ወሃብ ስራሕ እንታይ ክገብር ይኽእል?

ወሃብ ስራሕ ጥዑይ ሃዋሁ ዘለዎ ናይ ስራሕ ቦታ ክፈጥር ይግባእ። ከብሩ ዝሓለወ ናይ ስራሕ ቦታ ብኽፈል እዞም ዝስዕቡ እዮም።

### ስልጠና

ንኹሎም ሰራሕትኛታትን መመሓደርትን ናይ ስራሕ ክብርን ምክብባርን ዝገልጽ ትምህርቲ ምድላው።

ንኹሎም ሓደስቲ ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ምስ መሳርሕቶም ዘሳንይ መሰላትን ሓላፍነትን፣ ግዴታትን ንቕሓት ይወሃብ።

ብዛዕባ ባህርያዊ ብዙሕነታት ስልጠና ይወሃብ።

ብዛዕባ ኣፈታትሓ ግርጭታት ስልጠና ይወሃብ። ኩሎም ሓለፍትን ተቖጻጸርትን ስራሕ ቦታ ድማ ኣተሓሕዛ ግርጭታት ይዕልሙ።

### ንድፍታትን ትግባሪታትን

- ስነ ምክብባር ንምድንፋዕ ዳግመ ምጽናዕቲ ንድፍታትን ትግባሬታትን ይካየድ።
- ንሰራሕተኛታት ብምስታፍ ስነ ምክብባር ኣብ ስራሕ ቦታ ዘዕዝዝ ንድፍታት ተማዕብል።
- ስነ ምክብባር ጠባያት ንዘርኣዩ ሰባት ደግፍን ምትብባዕን ይግበረሎም።

### ስነ ተጸዋዒነት ምህናጽ

- ንኣመሓደርትን ሰራሕትኛታትን ናይ ጠባዮም ሓላፍነት ከወስዱ ምግባር።
- ናይ ሰንኪ ዘይ ስነ ምክብባር ወይ ድማ ስነ ኣእምራኣዊ ጭፍጨፋ ኣቤቱታ ምምርማር።
- ኣብ ግዜ ዕቀና ኣፍራይነት ስነ ምክብባራዊ ጠባይ ከም ሓደ መምዝኒ ምውሳድ።

## ንገዛእ ርእስኻ እንታይ ክትገብር ትኽእል?

እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ምስ እተዘውትር ክብርኻ ክትሕሉ ትኽእል፦

- ናይ ካልኦት ርእይቶ ምቕባል ፈትን
- ካባኻ ዝተፈልዩ ሰባት ስለ ዘለው ባህርያዊ ሓሳብን ኣድልዎን ምቕባል
- ቅድሚ ዕቃቤታትካ ምክፋል ናይ ገዛእ ርእስኻ ስምዒታት ኣነጺርካ ምፍላጥ
- ዋላ ኣንተተቖጣዕካ ካብ ስብ ምጥቃን ወይ ምፍርራሕ ተቖጠብ
- መህሰይቲ፣ ኣድልዎ ወይ ስነ ኣእምሮኣዊ ጭፍጨፋ ምስ ዘጋጥመካ ንዝምልከቶ ኣካል ኣፍልጥ

### ስነ ኣእምሮኣዊ ጭፍጨፋ እንታይ እዩ?

ስነ ኣእምሮኣዊ ጭፍጨፋ ናብ ሓደ ግለሰብ ዝቐንዔ ደሃኸን ዘይቅቡሉን ዘለፋ ጠባይ ኮይኑ፣ ብሰንኪ መንነት ወይ ኣባልነት እቲ ሰብ ወይ ወገኑ ዝተበገሰ እዩ።
ከምኡውን ዘይተደልየ ስጋዊ ርክብ ኣብ ምሕታት የብጽሕ። ናይ ማኒቶባ ሰብኣዊ መሰላት ዓንቀጽ ንስነ ኣእምሮኣዊ ጭፍጨፋ ኣብ ስራሕ ቦታ እኹን ኣብ ካልእ ንኽይግበር ኣጥቢቑ ይኽልክል።

### ንተወሳኺ ሓበሬታ

MFL Occupational Health Centre, Inc.
102-275 Broadway
Winnipeg, Manitoba R3C 4M6
Phone: 204-949-0811
Fax: 204-956-0848
Email: mflohc@mflohc.mb.ca
Website: www.mflohc.mb.ca

Mediation Services
302-1200 Portage Avenue
Winnipeg, Manitoba
Phone: 204-945-3007

Manitoba Human Rights Commission
7th Floor - 175 Hargrave Street
Winnipeg, Manitoba
Phone: 204-945-3007

Supported by a grant from the
Workers Compensation Board

WCB Workers Compensation Board of Manitoba

October 2007